BAY AREA
AIR QUALITY
MANAGEMENT
DISTRICT

# ህዝባዊ ሓበሬታ

**ነሓሰ 11, 2015**

ናብ: ስድራቤት ናይቶም ኣብዘን ዝስዕባ ኣብየተ-ትምህርቲ ዝመሃሩ ህጻናት

**ቤት-ትምህርቲ ቻርተር ሰሜን ኦክላንድ**
**(North Oakland Community Charter School)**

**መባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ኣና ያተስ**
**(Anna Yates Elementary School)**

ኲሎም ካብቲ ሓድሽ ምንጪ ብከላ-ኣየር ዝኾነ ቦታ፡ ኣብ ናይ 1000 ስጕሚ-እግሪ ርሕቐት ዝርከቡ ነበርትን ናይ ንግዲ ትካላትን፡ ኣብዚ ታሕቲ ተዘርዚሮም ይርከቡ፡፡

ካብ: በዓል-መዚ ኩነታት ኣየር በይ ኤርያ (Bay Area Air Quality Management District)

ዛዕባ: ናይ ፍቓድ ምልክታ ቁጽሪ #27059 ነዚ ዝስዕብ ምንጪ ብከላ-ኣየር ብዝምልከት፡

**Sub-Slab Depressurization System**
**1001 42nd Street LLC**
**1001 42nd Street**
**Oakland, CA 94608**

---

በዓል-መዚ ኩነታት ኣየር ወረዳ በይ-ኤርያ (The Bay Area Air Quality Management District) (the "District") ፋብሪካታት፡ እንዱስትርያዊ ማእከላትን ናይ ጋዝ ኑቍጣታትን ከስዕብኦ ዝኽእላ ብከላ-ኣየር ዝከታተል ከባብያዊ ኤጀንሲ እዩ፡፡
ካብ ዝኾነ ትካል፡ ኣብ ከባቢ 1000 ናይ ስጕሚ-እግሪ ርሕቐት ካብ ኣብያተ ትምህርትታት ዝትከል፡ ብከላ-ኣየር ዘስዕብ ሓድሽ ትካል ይኹን ፋብሪካ ክንቐበል እንከለና፡ ሃገራዊ ሕግታት ህዝቢ ከነፍልጥ ይግድደና፡፡ ነዚ ሕጋዊ ሓላፊነት ንምትግባር እምበኣር፡ ንወለዲ ወይ ውን ተሓተቲ ናይቶ ኣብ ከብቢ ርብዒ ማይል ካብቲ ቦታ ርሒቖን ዝርከባ ቤት-ትምህርታት ዝመሃሩ ተመሃሮ፡ ህዝባዊ ሓበሬታ ከም ዝበጽሖም ወይ ውን ከም ዝዝርጋሕ ንገብር፡፡ ኲሎም እቶም ኣብ ርሕቐት ናይ 1000 ስጕሚ-እግሪ ካብቲ ምንጪ ብከላ ዝርከቡ ተቐማጦን ንግዳዊ ትካላትን ውን፡ ከም ዝሕበሩ ንገብር፡፡

እዚ ምልክታ ንልእከልኩም ዘለና፡ ወረዳ፡ ካብ ምንጪ ብከላ-ኣየር ዝኾነ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ትካል፡ ናይ ፍቓድ ምልክታ ስለዘጽደቐ እዩ፡፡ ዝርዝር ናይዚ ዝተሓስበ ምንጪ ብከላ-ኣየር ክኸውን ዝኽእል ፕሮጀክት፡ ይስዕብ፡

ንትካል ***1001 42nd Street LLC***, ወኪሉ፡ ትካል ኣኳ ሳይነስ ኢንጊነርስ (Aqua Science Engineers, Inc) ገለ ዕማማት ንምክያድ ፍቓድ ናይ ምንጣፍ ተዋሂብዎ ይርከብ፡፡ ንህልዊ ናይ ብከላን ምልባዕን ጸገማት ንምሕዋይ ጸቐጢ ዝንኪ ስርዓት (Sub-slab Depressurization System) ኣብዚ ቦታ ክትከል ተወጢኑ ይርከብ፡፡
ኣብቲ መሬት ናይቲ ከባቢ ደረቕ መጽረዩ ኣሕቓቑ ባእታ (Dry cleaning solvent (perchloroethylene) ተረኺቡ ኣሎ፡፡ ስለዝኾነ ኸኣ፡ ትካል ***1001 42nd Street LLC***፡ ካብቲ ኣብቲ ቦታ ዝርከብ ዒላታት ነዚ ባእታ'ዚ ብካርቦን ክብትኖ እዩ፡፡ እብዚ ምስርሕ'ዚ ዝፍጠር ሰልኩ ጋዛት ኣብ ቁጽጽር ከም ነእትዎ ክንገብር ኢና፡፡

*መባእታዊ ገምጋም*

ዝምልከቶ ወረዳ፡ ነዚ ተወጢኑ ዘሎ ፕሮጀክቲ'ዚ መምዩ ድሕሪ ምርኣይ፡ እቲ በጽሑ መደምደምታ፡ እዚ ውጥን'ዚ፡ ንከባብያዊ፡ ፈደራላውን ሃገራውን ሕግታት ከባብያዊ ኣየር ዝምእዘዝ ኮይኑ ረኺብዎ። ኣብ ገምጋሙ ውን፡ እቲ ውጥን ዝኾነ ይኹን ከስዕቦ ዝኽእል፡ በካሊ ንጥዕና ዝሃሲ ጋሳትን ካልእን ከምዘየለ ውን ርእዩ። ኣብዚ ብምምርኳስ እምበኣር ወረዳ ነዚ ዝተወጠነ ፕሮጀክት ፍቓድ ክህብ ዝገትኦ ነገር እይረኣየን። ብኻልእ ቋንቋ፡ ፍቓድ ክህብ እዩ ንምባል እዩ። ኩሉ ርእይቶታት ድሕሪ ምቕባል እምበኣር፡ ወረዳ፡ ነዚ ፍቓድ ኣመልኪቱ ናይ መወዳእታ ውሳኔ፡ ከሕልፍ እዩ።

*ተወሳኺ ሓበሬታ*

ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ምስ እትደልዩ፡ ናይቲ እቲ ወረዳ ነቲ ፕሮጀክት ኣመልኪቱ ዘካየዶ ገምጋማዊ መጽናዕቲ፡ ቅዳሕ ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ። ነዚ ንምግባር ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቁጽሪ ስልኪ ጌርኩም ምስ ወረዳ ክትዘራረቡ ትኽእሉ። እዚ ሓበሬታ'ዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ወረዳ ብምእታው ውን ክትረኽብዎ ትኽእሉ።

http://www.baaqmd.gov/permits/public-notices

*ርእይቶታት እንቕበለሉ ግዜ*

**ነዚ ውጥን'ዚ ዝምልከት፡ ንሓደ ወርሒ ህዝባዊ ርእይቶታት ዝእከበሉ ግዜ እዩ። ነዚ ተወጢኑ ዘሎ ፕሮጀክት ዝምልከት ርእይቶታት ምስ ዝህለኩም ብኢሜይል ክትሰዱልና ትኽእሉ። ካልእ ኣማርጺ ኸኣ፡ ናይ ሓደ ደቂቕ ዝኸውን መልእኽቲ ብስልኪ ወን ክትገድፉልና ትኽእሉ። ንእትገድፉልና መልእኽቲ ወይ ሕቶታት፡ ሰራሕተኛታት ወረዳ ምእንቲ ክምልሱልኩም፡ ተሌፎንኩምን ስምኩምን ምግዳፍ ኣይትረስዑ።**

ነዚ ዝተሓሰበ ውጥን ዝምልከት ርእይቶታት ክትሰዱልና ምስ እትሓስቡ፡ ብኽብረትኩም እዚ ዝስዕብ ኣድራሻታት ተጠቀሙ፡

ብፖስጣ: 1001 42nd Street LLC (AN# 27059)
Public Notice Response
BAAQMD
Engineering Division
939 Ellis Street
San Francisco, CA 94109
Attn: Flora Chan

ኢ-መይል: fchan@baaqmd.gov

ቁጽሪ ስልኪ: (415) 749-5122 x5

መወዳእታ ህዝብዝዊ ርእይቶታት እንቕበለሉ ግዜ **መስከረም 10, 2015** እዩ።